## ፍርያት ህግደፍ

ኣብ ኤርትራን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ክትከውን ጎይታ
ኣንፈት ፖለቲካ'ኻ ንጹርነት ዘይብሉ ቤላበሎ ሕሜታ
ፈተውራሪ ስሱዓት ናይ ምኩሓት ዋልታ
ዘየቋርጽ እህህታ ዘሪኢካሉ ባይታ
ነቲ ሓቂ ክትክሕዶ ክትከድኖ ኮቦርታ
ናትካ ነገር ኣድጊስ ካብ'ታ ሙማታ እታ ምጉታታ።

ኣብ ኤርትራ ተዓዊቱ ናይ ስልጣን ሕልምኻ
ብዘይ ሕጊ ብዘይምርጫ ርኺብ ስልጣን ምስ ረገጽካ
ካብ ዝደቐቐ ስጋ ዝፈረየ ሃብቲ ሃገር ተቖጻጺርካ
ብዋጋ ህዝብን ሃገርን ተናውሕ ስልጣንካ።

ጽልኢ ትፈጥር ኩናት ትጽሕትር
መን ከማይ ኢልካ ትሃልል ጸረ-ሰላም ትብል ግትር
ህዝቢ ትብትን ኣግራብ ተብርስ መሬት ተቓድር
ምስ ተደስቕኻ ጸላእትን ዘራያትን ኢልካ ትነግር
ተስፋ ተጸልምት ዝለምለመ ተሐርር።

ኣዕኑድ ሓድነት ትንቕንቕ ህዝቢ ትበታትን
ኣብ ነበርና ገበርና ተሸኺልካ ክተደናግር ትፍትን
ኣህሲስካዮ ናይ ነዊሕ ዓመታት ቃልስን መስዋእትን
ኣብ ምልክት ሕቶ ኣትዩ ነጻነትን ሓርነትን
ባይታ ሓሚዱ ብትምክሕትን ጽበትን
ኣብ ሓደጋ ኣትዩ ቀጻልነት ህዝብን ሃገርን።

ኣብሪስካዮ ስሩት ኣወንታዊ ክብርታትና
ኣቑሪርካዮ ንፋስ ኣእቲኻሉ ነቲ ክቡር ባይቶና
በሪሰን ጥሪትና ብፍኑው ተቖጥቂጡ ኣግራብና

ክብርና ተወሪዱ ትማልን ሎምን ተባሂልና

ዓለቕቲ ሰላም ሰቲና ብገርህና

እነሆ ኣይንላዕሊ ኣይንታሕቲ ዘርምዘርሞ ኮይና።

ፍርያት ህግደፍ ሓሶት፣ ኣነነት ኣብ ጥራሕ ሜዳ

ሃገር ብጽምዋ ተሃሪማ ተሰኪማ ናይ ታሪኽ ዕዳ

ውሽጠ ጓንጓ ክንሱ ከምስል ኣብ መስኮት ተሌቪዥን ኩዳ

ኣእትይሉ ንህዝቢ ብቐሊል ዘይፍወስ ናይ ድሕረት ለበዳ።

ምትሕልላይ ሃሲሱ ንዓይ ይጥዓመኒ ሰሪቱ

ፖለቲካዊ ኣንፈት ተዘሪጉ መንገዲ ለውጢ ተሳሒቱ

ንኡስ ጉጅለ ክለንተናዊ ትሕዝቶ ሃገር ብሒቱ

ኣግራብ ባዲሙ፡ እንስሳ በሪሰን ሰብ ይጠፍእ ንብሕቱ።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 30-08-2017